# ሥርዓተ ቀዳም ሥዑር

- ወይትጋብኡ ካህናት ውስተ ቤተ ክርስትያን ወይባኡ ውስተ ቤተ መቅደስ ወያንብቡ በውርድ ንባብ መኃልየ መኃልይ፣ ካህንን ዲያቆንን ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳብ ሣልሳይ ምዕራፍ ካብ መኃልየ መኃልይ ምስ አንበቡ “አመ ተንሥአ” እናበሉ ታቦት ይዑዱ፣ ወሕዝብኒ ከማሁ “አመ ተንሥአ ወአንሥአ” እናበሉ ይቕበሉ፣

- ሣልሳይን ራብዓይን ግን አብ ቅድስት ኮይኖም በብምዕራፍ “ስግዱ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ” እናበሉ ታቦት ይዑዱ፣ ሕዝቢ ከአ “ስግዱ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ” እናበሉ ይቕበልዎም፣

- ካብዚ ቀጺሉ ካህን ጸሎተ ዕጣን የዕርግ፣ አልቦ ኪዳን፣ ወቦ እለ ይብሉ ቦ፣ መራሒ ዕዝል፤

- ንሕነሰ ንሰብክ ክርስቶስሃ…ይመርሕ፣ ተመራሒ ይምራሕ፣ ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት ንሕነሰ ተቀቢሎም ይመርሑ፣ ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከአ ይኽተሉ፣ ሥርዓት አዘያይማኡ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ፣

- ድሕሪዚ ሃሌ ሉያ ሃሌ ሉያ ኢልካ ንሕነሰ ንሰብክ ክርስቶስሃ…ብሕብረት ይዝመም፣

- ምልጣን፤ ወትቤ ሢኦል ኢሉ መራሒ ይመርሕ፤ ተመራሒ ይምራሕ፣ “ወመኑ ውእቱ ዝንቱ” እናበሉ ዝማሚ ይዘሙ ጸናጽል ይጽንጽሉ የመርግዱ፣

- ቀጺሎም “ወትቤ ሢኦል” ብን ኡስ ይጽንጽሉ፣ አልቦ መረግድ፣ ከማኡ እውን እዘን ዝኽተላ ዕዝል ዜማ ማለት፤

- “ምስለ አቡሁ፤ መድኃኒተ ኮነ፤ ሕያው ተንሥአ፤ ሥዒሮ ሞተ በሥጋ” እዚአን ዝማመአን ጸናጽለን መረግደን ከም ናይ “ወትቤ ሢኦል” ኢየን፣ ሥርዓተ ዜማአን ግን ከም አንገርጋሪ ብየማን ብጸጋም ኢዩ፣

- ዝክረ ሙታን ካህን ሊጦን “ሶበ አኮ እግዚአብሔር ምስሌነ”፤ ምስ በለ ቀጺሉ በእንተ እለ ኖሙ ብሕብረት የብጽሑ፣

- አቡን፤ “ክርስቶስ በዅር” መራሒ ይመርሕ፤ ተመራሒ ይምራሕ፤ ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት “ክርስቶስ በዅር” ተቀቢሎም ይምርሑ፤ ብወገን ጸጋም መረሒ ዘለው ከአ ይኽተሉ፣ ሥርዓት አዘያይማኡ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ፣

- ሥርዓተ መዋስእት፤ መዋስእት እንተ ተኻኢሉ 12 ወይ 9 ወይ ከአ 6 እንተ ወሓደ ከአ 5 ከብጽሕ ግድነት ኢዩ፣

- አቡን፤ ክርስቶስ በዅር ብሕብረት ዝመም፣ ምልጣን፤- ወያሬእዮ ብርሃነ አመልጥን፣ ብሕብረት ዝመም አልቦ ጸናጽል፣

- አራራት፤ "እስመ ለዓለም ምሕረቱ" ከይበልካ፤ "ምድር አድለቅለቀት" መራሒ ይመርሕ፣ ተመራሒ ይምራሕ፣

- ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ምድር አድለቅለቀት" ተቀቢሎም ይመርሑ፤

- ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከአ ይኸተሉ፣ ብሕብረት ከአ ይዘሙ፣ ሥርዓተ አዘያይማኡ ከአ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ፣ ምልጣን፤ "በትንሣኤከ እግዚኦ" መራሒ ይመርሕ፤ ብሕብረት "በትንሣኤከ እግዚኦ" ዝመም፣

- አራራት፤ "ሰቀሉ ምስሌሁ" መርሒ ይመርሕ፣ ተመራሒ ይምራሕ፣ ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ሰቀሉ ምስሌሁ" ትቀቢሎም ይመርሑ፣ ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከአ ይኸተሉ፣ ብሕብረት ከአ ይዘሙ፣ ሥርዓተ አዘያይማኡ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ፣

- መራሒ ውዳሴ ማርያም፤ "ሰላም ለኪ..."ኢሉ ይመርሕ፣ ናይ ዕለቱ ውዳሴ ማርያም ብዜማ ይበጽሕ፣ ናይ ዕለቱ ስንክሳር ይንበብ፤ ካልኦት መጻሕርቲ እውን ይንበቡ፣

- ሥርዓተ ስብከት፤ዲያቆን ናይ ዕለቱ ምስማክ "አሜሃ መልአ ፍሥሓ አፉነ፤ ወትትሐሰይ ልሳንነ አሜሃ ይቤሉ አሕዛብ" ይብል፣ ካህን ድማ ናይ ዕለቱ ወንጌል የንብብ፣

- ወንጌል ምስተነበ ዲያቆም መስቀል ንመራሒ ይህብ፣ መራሒ ድማ "አንሰ በአዕይንቲሁ" ብግዕዝን ዕዝልን ይመርሕ፣ አልቦ ዝማሜ ወጸናጽል፣ መራሒ "ወለመልአከ ሕይወትሰ" ይመርሕ፣ ሕጂ ግን ዝማሜ "ወለመልአከ ሕይወትሰ" ብሕብረት ይዝመም፣

- ምልጣን፤- "ገብረ ሰላመ በመስቀሉ"፤ ብየማን ብጸጋም አመልጥን፤ ዝመም፤ ጸንጽል፤ ብሕብረት፣ አልቦ መረግድ፣ ህየንተ መረግድ አመላልስ፣ ማለት "ገብረ ሰላመ በመስቀሉ" እንዳበልካ ሰቲ ዓድል፣ ሰቲ ምስ ተዓደለ፤

- ቅዳሴ፤ "በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፤ ሚመጠን" ኢልካ ቅዳሴ እቶ፣ ናይ ዕለቱ ስብከት፤ ንባባት፤ ወንጌል አኰቴተ ቍርባን ግጻዌ ተመልከት፣ እዚ ኩሉ አብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ሥርዓት ቀዳም ስዑር አብ ዓበይቲ አድባራት ናይ ዜማ መምህራን ዘለውዎ ከም ሥርዓቱ ይፍጸም፣

# አብ ማኅሌት ዘይቅወሞ አድባራት

መማህራን ናይ ዜማ ስለዘይርከቡ፤ ብዓቅሞም ነዘን ዝስዕባ ግድነታዊ አገባባት ይኽተሉ፣

- ቤተ ክርስትያን፤ ወይባኡ ውስተ ቤተ ክርስትያን ወይትጋብኡ ካህናት ውስተ ቤተ መቅደስ ወያንብቡ በውርድ ንባብ መኃልየ መኃልይ፣ ካህንንን ዲያቆንን ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳብ ሣልሳይ ምዕራፍ "አመ ተንሥአ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ፣ ወሕዝብኒ ከማሁ "አመ ተንሥአ ወአንሥአ" እናበሉ ይቅበሉ፣

- ሳልሳይን ራብዓይን ግን አብ ቅድስቲ ኮይኖም በብም ዕራፉ "ስግዱ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ፣ ሕዝቢ ከአ "ስግዱ ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ይቅበልዎም፣

- ካብዚ ቀጺሉ ካህን ጸሎተ ዕጣን የዕርግ፣ አልቦ ኪዳን ወቦ እለ ይብሉ ቦ፣ ዝክረ ሙታን ካህን ሊጦን "ሶበ አኮ እግዚአብሔር ምስሌነ"፤ ምስ በለ ቀጺሉ በእንተ እለ ኖሙ ብሕብረት የብጽሑ፣

- መራሒ ወዳሴ ማርያም፤ "ሰላም ለኪ..." ኢሉ ይመርሕ፣ ናይ ዕለቱ ውዳሴ ማርያም ብዜማ ይበጽሕ፣ናይ ዕለቱ ስንክሳር ይንበብ፤ ካልኦት መጻሕፍቲ እውን ይንበቡ፣

- ሥርዓተ ስብከት፤ ዲያቆን "አሚሃ መልአ ፍሥሐ አፉነ፤ ወትትሓሰይ ልሳንነ፤ አሜሃ ይቤሉ አሕዛብ" ይብል፣ ካህን ድማ ናይ ዕለቱ ወንጌል የንብብ፣

- ወንጌል ምስ ተነበ ሰቲ ይዕደል፣

- ሥርዓተ ቅዳሴ፤ "በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፤ ሚመጠን" ኢልካ ቅዳሴ እቶ፣ ናይ ዕለቱ ስብከት፤ ንባባት፤ ወንጌል፤ አኰቴተ ቍርባን ግጻዌ ተመልከት፣